# ኣብዚ ዝስዕብ ቦታታት ናይ ኣፍ መሸፈኒ ኽትገብር ኣሎካ

ሰሉስ 5 ጥሪ ምምሕዳር ከተማ ማልቪክ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ናይ ኣፍ መሸፈኒ ኽግበር ወሲኑ ኣሎ። እዚ ውሳነ እዚ፡ ክሳዕ 18 ጥሪ ዝጸንዕ እዩ።
ኣብዚ ዝስዕብ ቦታታት ናይ ኣፍ መሸፈኒ ክትጥቀም ግዴታ እዩ፡-

- ኣብ ድኳናት
- ኣብ ሓባራዊ ቦታታት ማእከል ዕዳጋ
- ኣልኮላዊ መስተ ክሸይጥ ፍቓድ ኣብ ዘለዎ ኮነ ኣብ ዘይብሉ ሬስቶራንት ሰባት ኮፍ እንተ ዘይሎም። እዚ ድማ ንሰራሕተኛታትን ንዓማዊልን ዝምልከት እዩ።
- ኣብ እንዳ መሻጢት ወይ እንዳ ቐምቃማይ ወይ ከኣ ካልእ ምስ ሓደ ዓሚል ብቐጥታ ዘራኽብ ስራሕ (ንኣብነት፡ እንዳ ክንክን ቈርበት፡ እንዳ ውቃጦ፡ እንዳ ምስቛር) ከምኡውን ካልእ ምስቲ ኣብ ናይ 6 ግንቦት 1998 ሕጊ 6 ቍጽሪ 581 ዝወጸ ብዛዕባ ንጽህና መሻጢትን ክንክን ቈርበትን ውቃጦን ምስቛርን ካልእን ዝምልከት ሕጊ እተጠቕሰ ነገራት ዝተሓሓዝ ስራሕ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታትን ዓማዊልን ናይ ኣፍ መሸፈኒ ክገብሩ ኣለዎም።
- ኣብ ኣብያተ ጸሎትን ኣብያተ ክርስያናትን
- ኣብ ናይ ባህላውን ስፖርታውን ስልጠናታትን ቦታታት ከምኡውን ናይ መሕለፍ ግዜ ንጥፈታት ኣብ ዝግበረሉ ቦታታት፡ ንኣብነት ኣብ ሲነማ ወይ ናይ ስፖርት ኣዳራሻትን። ኣትለታት ኣብ ግዜ ስፖርታዊ ጸዋታታት በዚ ሕግ እዚ ኣይቅየዱን እዮም
- ኣብ መጸበዪ ክፍልታት እንዳ ሓኪምን እንዳ ሕክምና ስንን ኣብ ካልእ ሕክምናን
- ንህዝቢ ኽፉት ኣብ ዝኾነ ህዝባዊ ህንጻታት
- ጻዕቂ ሰብ ኣብ ዘለዎ ናይ ግዳም ቦታታት (ንኣብነት፡ መጸበዪ ኣውቶቡስ)
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ምልምማድ ማኪናን ካልእ ናይ ማኪና ምልምማድን። እዚ ንሰራሕተኛታትን ንተምሃሮን ዝምልከት እዩ።

እዚ ሕጊ ንተምሃሮን ንሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትን ንጥፈታት ድሕሪ ትምህርቲ ንዝግበረሉ ቦታታትን (SFO) ንመውዓሊ ሕጻናትን ኣይምልከትን እዩ።
እዚ ሕጊ እዚ ንኹሎም እቶም ቅድሚ 2009 እተወልዱ ሰባት ዝምልከት እዩ፣ ብሕክምናዊ ምኽንያት ናይ ኣፍ መሸፈኒ ኽገብሩ ንዘይክእሉ ግና ኣይምልከቶምን እዩ።

# ኣብ ኣውቶቡስን ባቡርን (ህዝባዊ መጓዓዝያ) ናይ ኣፍ መሸፈኒ ክትጥቀም ዝጠልብ ሕጊ

እዚ ሕጊ እዚ፡ ነቶም ኣብ ምምሕዳር ከተማ ማልቪክ ታክሲ ዝዝውሩን ዝጥቀሙን ሰባት ዝምልከት እዩ።

እዚ ሕጊ እዚ፡ ነዞም ዝስዕቡ ኣይምልከትን፡-

- 12 ወይ ትሕቲኡ ንዝዕድሚኦም ቈልዑ
- ብሰንኪ ሕክምናዊ ምኽንያት ናይ ኣፍ መሸፈኒ ክገብሩ ንዘይክእሉ ሰባት